

## ብዘይካ እምነታ ካልእ ኣበሳ ዘይብላ

## ምስክርነት ወንጌላዊትን ዘማሪትን ሄለን ብርሃነ

**2ይ ክፉል**

ኤረትራዊት ወንጌላዊትን ዘማሪትን ሄለን ብርሃነ ሓንቲ ካብቶም፡ ናይ እምነት እሱራት ነበር ኢያ። እታ ብሰንኪ እምነታ ብዙሕ ስቓይን መከራን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ስርዓት ሕጊ-ግደፍ ዘሕለፈት፤ ኣብ ናይ ኮንተይነር ቤት ማእሰርቲ ንዓመታት ዝተሳቐየት፡ ብዘጋጠማ ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ተግባራት ኣካለ ስንክልቲ ዝኾነት ህብብቲ ወንጌላዊትን ዘማሪትን ኢያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ካብ አፍ ሓርገጽ ሕጊ-ግደፍ ኣምሊጣ ኣብ ደኒማርክ ብደሓን ኣትያ።

ኣብዚ ካልኣይ ክፉል ጽሑፈይ ሓሳባተይ ከካፍሎኩምን ደልየ ዘሎኹ አብቲ ብዕለት 21.06.2008 ኣብ ጽባሕ መዓልቲ ስውኣት 20 ሰነ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ጀርመን ብኣገልግሎት ፈነዋ ወንጌል ኤርትራ ፍራንክፈርት ተዓዲማ መጺኣ፤ ዝሃበቶ ምስክርነት ብዛዕባ ብሰንኪ እምነታ ዝወረዳ ግፍዕን በደልን ኣብ ልዕሌኣን ኣብ ልዕሊ ካልኦትን፤ ዝሰማዕኩዎ ምስክርነትን፡ ዝተዓዘብኩዎን ምስ ናተይ ርእቶይቶን ሓሳባትን ኣቀናቢረ ከካፍለኩም ኢየ።

ናይ ሄለን ታሪኽ ሕይወትን መንፈሳዊ ምንቅስቃሳን ብዝምልከት ነዊሕን ሰፊሕን ስለ ዝኾነ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት እውን ሰለ ዝተገልጸን ኣብኡ ኣትየ ብዙሕ ኣይክጽሕፍን ኢየ፤ ኣነ ከቶኩረሉ ደልየ ዘሎኹ ሄለን ስለምንታይ እዚ ኩሉ መግረፍትን ማህረምትን ኣጋጠማ እዚ ኩሉ ግፍዕን መከራን ንምንታይ ኣድልየ ኣብ ዝብል ዝተመርኮሰ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ከምዝገለጽኩዎ ኣብ መድረኽ ብምርኩሳን ብሰባትን ተደጊፋ ክትድይብ ከላ ንብዙሓት ከምዘሕዘነን ስሚዒት ብዙሓት ከምዝተንከፈን ብሓጺሩ ጺሒፈ ነይረ፤ ኣብ መድረኽ ደይባ ታሪኽ ሕይወታ ክትገልጽን ንዝቐረበላ ሕቶታት ክትምልስን ምስ ጀመረት ግን ኩሉ ጸጥ ኢሉ ንምስክርነታ ክሰምዕ ጀመረ ።

ታሪኽ ሕይወታ ብሓጺሩ ካብ ቁልዕነታ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘሎ ሕይወታ ብንጹር ኢያ ገሊጻ፤ ሄለን ካብ ንእስነታ ኣትሒዛ መንፈስ ኣምላኽ ዝዓሰላ ኢያ ነይራ፤ ካብ ንእስነታ ኣትሒዛ ንኽትዝምር ደስ ዝብላ መንእሰይ ኢያ ነይራ ብግብሪ እውን ኣመስኪራቶ ኢያ።

መንፈሳዊ ዕላማኣ ከኣ ንጹር ኢዩ፤ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መግለጺኣ ከም ዝበለቶ “ኣነ ካብ ፖለቲካን፡ ሃይማኖትን ፡ ዓሌትን ወገንን ናጻ ኢየ“ ናተይ ዕላማ ቃል ወንጌል ክስፉሕፋሕ ኣለዎ በሃሊት ኢየ፤ “ዓለምና ክትፍወስ ቃል ወንገል ይንገስ“ ዝብል ዕላማ ኢዩ ዘሎኒ በለት።
ካብዚ ዕላማ እዚ ተበጊሳ ከኣ ቀደም ይኹን ሕጂ አብዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቕሳ ሰለስተ ነጥብታት ክትኣቱ ከምዘይትደሊ ገለጸት፤ ኣብ ምሉእ ምስክርነታ ከኣ ብዛዕባ ኣብ ርእሳን ኣብ ልዕሊ ካልኦት እሱራትን ዝውረድ ዝነበረን ዘሎን ግፍዕታት ጥራይ ኢያ ገሊጻ ካብ ኩሉ ዝገረመኒ ከኣ ወላ ሓንቲ ግዜ ትኹን እውን ንመንግስቲ ሕጊ-ግደፍ ዘይምልዓላ ኢዩ።

ኣብዚ ክልተ ሰዓት ኣቢሉ ዝወሰደ ናይ ሕቶን መልስን ግዜ ብዛዕባ መንፈሳዊ ዕላማኣን ተልእኮኣን ፤ ብሰንኪ እምነታ ዝወረዳ ግፍዕን ማህረምትን፤ ብዛዕባ ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ኣተሓሕዛ እሱራትን፡ ኣብ እስሪ ቤት እንኮላ ዝገበረቶ መንፈሳዊ ምንቅስቓስን፡ ብዛዕባ ዘለዋ መጻኢ ዕላማኣን ኢያ ብሰፊሑ ገሊጻ ። ንኩሉ እትገልጾ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ኣተኣሳሲራ ስለ እትገልጾን እትሪኦን፤ ኩሉ ገምጋም ኣረኣእያኣ ኣብ መንፈሳዊ ኣረኣእያ ዝተመርኮሰ ስለ ዝኾነ ብናይ ምሕረት ዓይኒ ኢያ እትሪኦ።

ኣነ ብዛዕባ ናይ ሄለን መንፈሳውን ወንጌላውን እምነታን ኣተሓሳስብኣን ኣትየ ክማራመርን ክጽሕፍን፤ ኣብኡ ኣትየ እውን ክዛረብን ኣይደልን፤ ካብቲ ዝተዓዘብኩዎን ግን ብዘይካ መንፈሳዊ ምንቅስቓስን፤

ንሕይወት ዘባራትዕ መንፈሳዊ መዛሙር ምዝማርን፤ ቃል-መጽሓፍ ቅዱስ ወንጌል ምስትምሃርን ካልእ ዕላማ ዘይብላ ሰብ ኢያ ይብል ።
እዚ ኩሉ ማህረምትን ማህሰይትን ኣከለ ስንክልቲ ክሳብ እትኽውንሲ እንታይ ኣምጽኦ ዝብል ሓሳባት ግን ንኣእምሮይ ኣናወጾ ።
ብዛዕባ እዚ እናሓሰኩ እንከሎኹ ፤ እታ ዝጽበያ ዝነበርኩ ሕቶ ተሓተት፤ ንሳ ከኣ ሄለን ናይ ምእሳርኪ ቀንዲ ምኽንያት እንታይ ኢዩ ነይሩ ዝብል ሕቶ ተሓተት፤ ንሳ ከኣ ትቕብል ኣቢላ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዘረባይ ዝገልኩዎ ኣነ ካብ ፖለቲካ ፡ ካብ ሃይማኖት፡ ካብ ዓሌትን ወገንን ናጻ ኢየ፤ ከም ወንጌላዊት መጠን ግን እምነተይ ኣብ ወንጌል ዝተመርኮሰ ኢዩ፤ በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ዝተፈላለያ ኣውራጃታትን ከተማታትን ኤርትራ ከምኡውን ኣብ ከተማ ኣስመራ እናተንቀሳቐስኩ ብፍላይ ከኣ ነቶም ወንጌል ብቐረባ ክብጽሖም ዘይክእል ቃል ኣምላኽ የስምዕ፡ ይዝምር፡ ይምስክር፤ንሑሙማትን፡ ኣካለ-ስንኩላትን የጻናንዕ ነበረኩ፤ ብወንጌላዊ ስራሓተይ ፣ ምኽንያት ከኣ ብዙሕ ግዜ ናይ ሓጺር ግዜ ማእሰርትን መጠንቀቕታትን እውን የጋጥመኒ ነይሩ ኢዩ።

ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ማእከል ኣስመራ ኣብ ጥቓ ካተድራል ጠጠው ኢለ ታክሲ ክጽበ እንከሎኹ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮይ መጻኒ፤ ንሱ ከኣ ኩሉ ሽግራትን ሕማቕ ኩነታትን ሃገርና ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ተራኣየኒ እሞ፤ ኣብቲ ኣስካላታት ካተድራለ ኣስመራ ደይበ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጻኒ ቃል ኣምላኽ ዓው ኢለ ክገልጽ ጀመርኩ፤ ንሱ ከኣ ኦ ህዝብና ቅድሚ ሕጂ ብግዜ መግዛእቲ እግዚኦ ኢልና ተማህሊልና ናብ ኣምላኽና ጸሊና፤ ኣምላኽ ከኣ ጸሎትና ሰሚዑ ናጻ ኣውጺኡና፤ ሎሚኸ ናበይ ገጽና ኢና ነምርሕ ዘሎና፤ ካብ መንገዲ ኣምላኽ ንርሕቕ ኣሎና ኣብ ነንሕድሕድና ምጥልላማትን ፡ ምብላዕን ፡ ምእሳርን ፡ ኣብ ውግእን ኣቲና ኣሎና ፤ ናብ ኣምላኽ ንመለስ ፤ ኣምላኽ ከኣ ነዚ ኣብ ልዕሌና ኣንጥልጢሉ ዘሎ ሽግርን መከራን ሕማቕ ሃዋህውን ከዝሕለልና ኢዩ እናበልኩ ዓው ኢለ ሰበኩ፤ ብዙሕ ሰብ ከኣ ንዓይ ክሰምዕ ተኣከበ ፤ ኣብ መንጎ ስብከተይ ግን ናይ ጸጥታ መጺኦም ኣሲሮም ናብ ቤት-ማእሰርቲ ወሰዱኒ በለት።

ድሕሪ ቅሩብ ግዝያት ከኣ ናብቲ ናይ ኮነተይነር ቤት-ማእሰርቲ ኣማሓላለፉኒ፤ ጥዑም ማእሰርቲ ዝበሃል የለን፤ ግን ካብ ቤት-ማእሰርቲ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ግን ይፉለለ ኢዩ፤ ንኣብነት እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ኮንተይነር ቤት-ማእሰርቲ ግን ብጣዕሚ ሕማቕ ኢዩ ትብል ፤ ምኽንያቱ ብቐትሪ ጸሓዩ ብለይቲ ከኣ ቁሩ ኣይክኣልን ኢዩ፤ ካብኡ ዝኸፍአ ከኣ ናይ ጎዳጉዲ ቤት ማእሰርቲ ኢዩ ዝኸውን ትብል።

ናይ ኮንተይነር ቤት-ማእሰርቲ ከይኣኽለካ በብግዜኡ እውን ናይ ዓይኒብለይ ስኒ የብለይ ማህረምቲታት እውን ኣሎ። ሓደ ካብቲ ንዓይ ዝግበረለይ መጽቀጥታት መንፈሳዊ ምንቅስቃሰይ ከቋርጽ ፤ ብስም ኣምላኽ ምዝራብን፤ ቃል ኣምላኽ፡ ምስባኽን፡ ምዝማርን ክገድፎ ኢየ ኢልኪ ፈርምልናሞ ካብዚ ቤት ማእሰርቲ ክነውጽኣኪ ዝብል ዝፈረም ወረቓቕቲ እሞ የምጽኡለይ፤ ኣነ ከኣ ሎሚ ኣይፍርም ጽባሕ ኣይፍርም ምስ በልኩዎም! እዚ ዘይብሃል መግረፍቲ ክሳብ ዝሰባበር ኢዩ ዝወረደኒ ነይሩ ትብል ።

ካብ ኩሉ ዝኸፍአት ግን ሓንቲ መዓልቲ እንደገና ተሓቲተ ምስ ኣበኹዎም ብቑጠዐ ተላዒሎም እዚኣ ትሰምዕ ሰብ ኣይኮነትን ኣብ ሓነጎላ ሰሪጹ ዘሎ ኣተሓሳስብኣ ክሳብ ዝድምሰስ ርእሳ ክትቅጥቀጥ ኣለዋ ብማለት ከም ተመን ርእሰይ ጥራይ ጨፍጨፉኒ፤ ምሉእ ለይቲ ከኣ ርእሰይ ክዞረኒ ሓደረ፤ ንጽባሒቱ ንግሆ ከኣ እንደገና ይጽዋዕ፤ ሰለይ እናበልኩ እንተኽድኩ ቃልኪ ቀይሪ ዝበልናኪ ከኣ ትገብሪ እናበሉ ክሳብ ሃለዋተይ ዘጥፍእ ኣብ ኮማ ክሳብ ዝኣቱ ይቕጥቅጡኒ።
እንተኾነ ግን ሕይወተይ ኣይሓለፈትን፤ ካብ ኣፍ ሞት ከኣ ይምለስ ፤ ካብዛ መዓልቲ እዚአ ንደሓር ከኣ ካብ ሞት እውን ዋላ ሓንቲ ፍርሒ ኣይነበረንን፤ እዚ ካብ ኮማ እንደና ናብ ሕይወት ምምላሰይ ንዓይ ዓቢ ተኣምራት ኢዩ ነይሩ፤ ድሕሪ እዚ ኩሉ ምቕጥቃጥን ካብ ኮማ ተንሲአ እንደገና ናብ ሂወት ምምላሰይን ቁሩብ ሃለዋተይ ምስ ፈለጥኩን፤ ከምዚ ኢለ ዘመርኩ ፤

“ንማእሰርቲ ጥራይ ኣይኮንኩን ተቐቢለካ
ክሳብ ሞት ኢየ እውን ኣሚነካ
ኣብ ዕጽው ይኹን ኣብ ጎዳጉዲ
ኢደይ ኣይህብን ኢየ ንመናፍስቲ“ ……..

እናበልኩ ዓው ኢለ ምስ ዘመርኩ ኣምላኽ ከኣ ምጽንናዕ ሃበኒ፣ መዝሙር ኣብ ምቹእ ቦታ ከምዚ ናይ ሎሚ ጥራይ ኣይኮነን ዝዝመር፣ ኣብ ሽግር ኮንካ እውን ይዝመር ኢዩ ብማለት ኣብቲ ኣኼባ እውን ዘመረታ እሞ ኩሉ ሰብ ከኣ ዝን ብምባል ጽን ኢሉ ሰምዐ።

ኣነ ከኣ ብወገነይ ኣዚ ኩሉ ምረትን ጸበባን ኣብ ልዕሊ ሄለን ዝወረደስ ኣብ ምንእቲ ምንታይ፣ እሞ ከኣ በቶም ኣሕዋት ዝበሃሉ ናጽነትን ሓርነትን ከነምጽእ ኢና ኢሎም ንሜዳ ዝወፈሩ፣ ገሊኦም ብደሓን ዝኣተዉ፣ ገሊኦም ዝሰንከሉ፣ ብዙሓት ካብኣቶም ከኣ ምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ሕዝቦም በኻ ዝሓለፉ ፣ ብማለት ምጽሓፈይ ረሲዐ ኣስተንተንኩ።

ማርያም ግንቢ ከኣ ትዝ ለትኒ ! ኣነ ኤርትራ ናጻ ውጽእ ምስ በለት፣ ኣብ 1992 ካብቶም ቀልጢፎም ሃገር ንምርኣይ ዝኣቶኹ ኢየ ነይረ። ብቐዳምነት ከኣ ማርያም ግምቢ ክሪኢ ከድኩ፣ ማርያም ግንቢ እቲ ብግዜ ደርጊ ዝኸፍአ ቤት ማእሰርቲ ዝነበረ ኢዩ ።

ኣብ ማርያም ግምቢ ብግዜ ደርጊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝወረደ ግፍዒታት ከቢድን ጽንኩርን ከምዝነበረ፡ ነቲ ቦታ ግፍዕታት ምስ መግለጺኡ ብተጋደልቲ ተዋህበና:፡

ሎሚ ከኣ ማርያም ግንቢ ኣብ ዓዲ ኣበይቶን፣ ማይስርዋን ቦታን ስምን ቀይራ፡ካብ ናይ ገዛ ቤትማእሰርቲ ናብ ኮንተይነር ቤት ማእሰርቲ ተቐይራ፣ ካብ ኢትዮጵያውያን ቀጥቀጥቲ ኤርትራውያን ተቐይሮም፣ ካብ ቤት ሰብካ እትርኤሉ ፣ ደቕኻን በዓልቲ ቤትን ወይ በዓል ቤትካን ቤተሰብካን ኣበይ ከምዘሎኻ ዘይፈልጥሉ፣ እሞ ከኣ ኤርትራ ነጻነት መሬት ተጓናጺፋ ባንዴራኣ ኣብ ዘንጠልጠለትሉ፣ ብሑዳት ገበቲ ስልጣን ደቂ ሃገር ናይ እምነት እሱራት ይኹኑ ካልኦት ብዘይ ፍትሒ ክርገጹ ክትሪኢ ከሎኻ ብጣዕሚ መሪር ዝኾነ ሐዘን ኢዩ ዝስመዓካ። ይቕጽል.. ........

መሰል እሱራት ይትሓሎ

*ኣብርሃም ተኽለ*
28.02.2006